# ዝውሃብ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን (SICK AND SAFE TIME)

## ግዜ ሕማምን ውሕስነትን ኪብሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ?

አብ ሚኖሶታ፣ ፍቓድ ሕማምን ውሕስነትን ዝብሃል ሓደ ሰራሕተኛ ብገለ ምኽንያት ደሞዝ እናተኽፍሎ በአስራሒኡ ዝውሃቦ ግዜ ዕረፍቲ ወይ ፈቓድ ስራሕ ማለት እዩ። እዚ ድማ ኪሓምም ከሎ፣ ወይ ድማ ካብ ስድርኡ ገለ ሰብ ኪሓምም ከሎ ነቲ ሰብ ንምእላይ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣባል ስድራ ቤቱ ወጽዓ ኣጋጢምዎ ገለ ሓገዝ ከናዲ ምእንታን ካብ ስራሕ ፈቓድ ኪሓትት ከሎ የጠቓልል።



## መን'ዩ ነዚ ብቑዕ ዝኾነ ?

ሓደ ሰራሕተኛ ነዚ ግዜ ሕማምን ውሕስነትን ዝብሃል ፈቃድ ስራሕ ንምርካብ ብቑዕ ዝኸውን፣

- አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንሓደ አብ ሚኖሶታ ተቐማጣይ ዝኾነ አስራሒ እንተውሓደ 80 ሰዓታት ክሰርሕ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝግመት ሰብ; እና
- ናጻ በዓል ኮንትራት/ውዕል ኪኸውን የብሉን።

ግዜያዊ ሰራሕተኛታት፣ አብ ዝተወሰነ ወቕቲ ጥራይ ዝሰርሑ ወይ ድማ ብመዓልቲ ቁሩብ ሰዓታት ዝሰርሑ ሰራተኛታት ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ኪረኽቡ ብቑዓት እዮም። እዚ ግና አብዚ ንምእታው አድላይ እዩ ንዝተባህለ አድላይነታት ኩሉ ዘልግስ ሕጋዊ መልገሲ (valid waiver) ዘለዎ ናቶም ማሕበር ሰራሕተኛታት ህንጻ ንዘለዎም ሰራሕተኛታት ህንጻ አይምልከትን እዩ።

## ሰራሕተኛታት፣ ክሳብ ክንደይ ግዜ ፈቓድ ከዋህልሉ ይኽእሉ?

በብዝሰርሑሉ 30 ሰዓታት፣ ናይ ሓደ ሰዓት ዕረፍቲ ሕማም ወይ ውሕስነት እናተኽፍሎም ይረኽቡ፣ እዚ ማለት ድማ አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት፣ ክሳብ 48 ሰዓታት ከዋህልሉ ይኽእሉ። እቲ አስራሓይ ዝያዳ ኪውሃቦም እንተተሰማሚዑ ድማ ዝያዳ ክረኽቡ ይኽእሉ።

## እቲ አከፋፍላ ፈቓድ በብኽንደይ ግዜ እዩ ዝኽፈል ወይ ዝውሃብ?

እዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝተብሃለ ፍቓድ ስራሕ ዝኽፈል ልክዕ አቶም ሰራሕተኛታት ምስ ሰርሑ ዝኽፈሉ ንሱውን ከምኡ ዝኽፈል እዩ።

## እቲ ዝውሃብ ፈቓድ ስራሕ ንምንታይ ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ?

ሰራሕተኛታት ነቲ ዝረኽቡዎ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ኣብዞን ዝስዕባ ጉዳያት ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ፡

- ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ካልእ አካላዊ ሕማም ኪሕዞም ከሎ፣ ኪሕከሙ ወይ ድማ እዚ ዓይነት ሕማም ከይሕዞም ገና ብጽኑኡ ክንክን ኵግበረሎም ከሎ
- ካብ ስድርኦም ሓደ፣ ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ካልእ አካላዊ ሕማም ኪሕዞ ከሎ፣ ኪሕከም ወይ ድማ እዚ ዓይነት ሕማም ከይሕዞ ገና ብጽኑኡ ክንክን ኪግበረሉ ምስዘድልዩ
- እቲ ሰራሕተኛ አብ ልዕሊኡ ወይ ድማ አብ ልዕሊ አባል ስድራቤቱ ዝኾነ ዘቤታዊ ዓመጽ ወይ ድማ ጾታዊ ዓመጽ ኪፍጸሞ ከሎ ወይ ድማ ገለ ሰብ በቐጻሊ ዝሃድኖ (stalking) እንተኾይኑሞ ካብ ስራሕ ኪተርፍ ዘድልዮ ምስዝኸውን
- ብምኽንያት ኩነታት አየር ወይ ብገለ ህጹጽ ኩነታት፣ እቲ ሰራሕተኛ ዝሰርሓሉ ቦታ ወይ ድማ አባይቲ ትምህርቲ ወይ ድማ ቆልዑ ክንክን ዝረኽቡሉ ቦታታት ኪዕጾ ከሎ
- እቲ ሰራሕተኛ ናብ ስራሕ እንተመጺኡ፣ እቲ ዝሓዞ ሕማም ናብ ካልኦት ኪመሓላልፍ ወይ ኪላገብ ይኽእል እዩ ኢሉ ማእከል ጥዕና ወይ ሓኪም ክውስን ከሎ
- ካብ ስድራ ቤቱ ሰብ እንተሞይቱ ስነስዓት ቀብሪ ንምድላው፣ ወይ ድማ እት አባል ስድራቤቱ ምስ ሞተ አብ ዝልዓል ገንዘባዊ ኮነ ሕጋዊ ጉዳይ ንምስታፍ

## ካብ ስድራ ቤት ንአየኖት አባላት እዮ እዚ ዝምልከት?

ሰራሕተኛታት ነቲ ዘዋህለሉዎ ግዚ ዕረፍቲ እዞም ዝስዕቡ አባላት ስድራ ገለ ኪኾኑ ከለው ኪጥቀመሉ ይኽእል፣

1. ደቁ፣ ዘዕብዮ ቆልዓ፣ ዓቢ ቆልዓ፣ እቲ ሰራሕተኛ ብሕጊ ንኽአልዮ ዝተፈቀደሉ ቆልዓ ምስዝኸውን፣ እቲ ሰራሕተኛ ከክንዲ አቦን አደን ኮይኑ ዝአልዮ ቆልዓ
2. ብዓል ቤት ወይ ድማ ምዝጉብ መጻመድቲ ገዛ
3. አሕዋትን አሓትን፣ ደቂ በዓል ቤት፣ ዘዕብዮ ቆልዓ
4. አቦን አደን፣ ዘዕበይዎ አቦን አደን ወይ ድማ እቲ ሰራሕተኛ ቆልዓ ከሎ ከም አቦን አደን ኮይኖም ዝአልዮ ዝነበሩ ሰባት፣ ሰብአይ አደን ወይ ሰይቲ አቦን
5. ደቂ ደቂ፣ ዘዕበዮም ደቂ ደቂ፣
6. አባሓጎ ወይ ዓባይ ወይ ድማ አባሓጎ ወይ ዓባይ ናይ አደ ወይ አቦ (grandparent፣ step-grandparent)
7. ደቂ አሕዋትን አሓትን እቲ ሰራሕተኛ
8. አሓት ወይ አሕዋት ወለዲ
9. ሰብኣይ ጓል ወይ ሰበይቲ ወዲ
10. ካብ ቁጽሪ 1 ክሳብ ቁጽሪ 9 ተዘርዚሮም ዘለው ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ሰራሕተኛ ወይ ድማ ምዝጉብ መጻመዲ ሰራሕተኛ
11. ዝኾነ ምስቲ ሰራሕተኛ ብደም ዝተኣሳሰር ሰብ ወይ ድማ እቲ ዘለዎም ዝምድና ወይ ምትእስሳር ማዕረ በደም ዝተኣሳሰሩ አዝማድ ዝቁጸር እንተኾይኑ
12. አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት በቲ ሰራሕተኛ ዝተወከለ ሓደ ውልቀሰብ

— ይቕጽል —

# ዝውሃብ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን
# (SICK AND SAFE TIME)

## መን እዩ ነቲ ESST ብቑዕ ዘይከውን?

ESST ነዞም ዝሰእቡ ሰራሕተኛታት አይምልከትን እዩ

- ሰራሕተኛታት ማእከላይ መንግስቲ
- ናጻ ብዓል ኮንትራት
- ብድሌቶም ብዘይ ክፍሊት ዝሰርሑን እናተጸውዑን ጥራይ ዝሰርሑ አገልገልቲ ምኽልኻል ሓዊ
- አብ አገልግሎት አምቡላንስ ዝሰርሑ
- ብምርጫ ህዝቢ አብ ስራሕ መንግስቲ ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት ወይ ድማ ነዞም ዝተመርጹ ሰባት ዝትክኡን
- እንተውሓደ አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት 28 ወይ ድማ ካብኡ ዝወሓደ መዓልታት አብ ሕርሻ ንኽሰርሑ ብሓረስቶት ዝተቖጸሩን ስራሕ ጉልበት ዝሰርሑን ሰራሕተኛታት
- በቲ ናይ ሓባር ስምምዕ ሰራሕተኛታት ካብቲ ዝሕተት ነገራት ናጻ ዝገብሮም እንተዘየሎ አብ ስራሕ ህንጻ ዝሰርሑን ብዝተወሰነ ፋብሪካ ህንጻን ትካል ህንጻን ዝውከሉን ሰራሕተኛታት
- ገለ ገለ አብ ስራሕ ክንክን ቤተሰብ ዝተዋፈሩ ሰባት፤ ካብ መሰላቶም ESST ናጻ ንኽኾኑ ዝገበሩ ሰራሕተኛታት

## አስራሕቲ፤ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን በዝምልከት ኪፍጽምዎ ዘለዎም እንታይ ካልኦት ተወሰኽቲ ግቡኣት አለዎም?

አስራሕቲ፤ ሰራሕተኛታቶም 30 ሰዓታት ምስ ሰርሑ አብ ልዕሊ ዝህቡዎም ናይ ሓደ ሰዓት ዕረፍቲ፤ ብዓመቱ ዝኽፈሎ ናይ 48 ሰዓታት ዕረፍቲ በተወሳኺ ይህቡዎም

- ደድሕሪ ነፍስ ወከፍ ክፍሊት፤ ኩሉ እቲ ሰራሕተኛ ዘዋህለሎ ድምር ፈቓድ ሕክምናን ድሕነትን ከምኡ'ውን ብድሕር ሕጂ ኪጥቀመሎም ዝኽእሉ ሰዓታት ፈቓድን ተደሚሩ ኪውሃቦ አለዎ።
- እቲ ሓበሬታ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን ቀቅድሚ 1 ጥሪ (Jan.) 2024 — ወይ ድማ ገና ስራሕ ኪቖጸሩ ከለው (አየናይ እዩ ድሒሩ ዝመጽእ አብ ግምት ብምእታው) — በቋንቋ እንግሊዝን በቲ ሰራሕተኛ ዝዘረቦ ቋንቋን ተተርጊሙ ኪውሃቦም አለው
- እቲ አስራሒ፤ ንሰራሕተኛታቱ ዝህቦም መግለጺ ዝርዝር ስራሕ ዘለዎ ናይ ኢድ መጽሓፍ አዳልዩ እንተኾይኑ፤ እዚ ዝርዝር መግለጺ ፈቓድ ሕማምን ውሕስነትን አብቲ ናይ ኢድ መጽሓፍ ኪጠቓለል እዩ።

ሚኒስትሪ ስራሕን ኢንዱስትሪን ሚኖሶታ (The Minnesota Department of Labor and Industry) ኩሎም ሰራሕተኛታት ኪጥቀሙሉ ዝኽሉ መዘኻኸሪ ጽሑፍ ብቋንቋ እንግሊዝን በተን መብዛሕተአን አብ ሚኖሶታ ዝዝውተራ ቋንቋታት አዳልዩ ይዝርግሕ አሎ።



**ግዜ ሕማም**
ንኩነታት ኣካላዊ ወይ
ድማ ሓንጎላዊ ጥዕና፤
ሕማማትን ወይ ድማ
ጉድኣትን



**ግዜ ውሕስነት**
ሕቶ ዘቤታዊ ዓመጽ/
መጥቃዕቲ ወይ ድማ ጾታዊ
መጥቃዕቲ ወይ እናተኸታተልካ
ምህዳን (stalking)
ንምምላስ


DEPARTMENT OF
LABOR AND INDUSTRY
Labor Standards • 443 Lafayette Road N. • St. Paul, MN  55155
651-284-5075 • 800-342-5354 • dli.mn.gov • esst.dli@state.mn.us


መዘኻኸሪ፡ እዚ ሓጺር መግለጺ ሕጊ ሚኖሶታ እዩ። ከም መምሪሒ ኪሕግዝ ተባሂሉ ዝተዳለወ ድኣ እምበር፤ መተካእታ ሕማምን ውሕስነትን ፈቓድ ቀንዲ ሕግታት ሚኖሶታ አይኮነን።

ክፍሊ 062024